# ናይ ሓዘን መግለጺ



ተጋዳላይ ብጻይና ዓብደልዋስዕ ማሓመድ ሓሰን ኣብ መበል ሰብዓ ዕድሚኡ ድሕሪ ነዊሕ ሕማም ኣብ ግብጺ ብሞት ተፈልዩና።

ብጻይ ዓብደልዋስዕ ብዕሸል ዕድሚኡ ብ 1975 ኣብ ተጋድሎ ሓርነት ብምስላፍ ኣብ ዝተፈለልይ ክፍልታት ኣብ ክፍሊ ሓይሊ ባሕሪ ናይ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ፣ ቀጺሉ ኣብ ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ብድሕሪኡውን ኣብ ክፍሊ ዜና  ከም ኣባል ምምሕዳርን ላዕለዋይ ካድርን ኮይኑ ንሃገሩን ህዝቡን ዘገልገለ ብጻይ ነበረ። ብጻይና ስዉእ ዓብደልዋስዕ ክሳብ ግዜ ሕልፈቱ ከይሰልከየ ንደሞክራስን ልዕልና ሕግን ኣብ ኤርትራ ንምውሓስ ኣብ ዝግበር ዝነበረ ቃልሲ ዝከኣሎ ዝገብር ዝነበረ ሓርበኛ እዩ። ኣብ 2021 ”*ታሪኽ ሰውራ ኤርትራ*” ዘርእስታ 272 ገጻት ዝሓቆፈት መጽሓፍ ብምብርካት ኣገዳሲ ታሪካዊ ሰንዳ ቃልስና ኣብ ምዕቛብ ግዲኡ ኣበርኪቱ እዩ። ብጻይና ዓብደልዋስዕ ጌና ኣብ ቃልሲ እንከሎ ብዝሕደሮ ሕማም ድሕሪ ኩነታት ሱዳን ምብልሻዊ ንሕክምና ንግብጺ ምስ ተሰደ፣ ብዕለት 15 ታሕሳስ 2023 ብሞት ተፈለየና

መሰረታት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ኣብዚ ወርሒ እዚ ጥራይ ክልተ ገዳይምን ምርኡያትን ተጋደልቲ ብጾትና፣ ማለት ብጻይ ኢዮብ ሃይለን ረዳን ብጻይ ዓብደልዋስዕ መሓመድን ሓሰንን ብሞት ብምፍላዮም ኣብ ከቢድ ሓዘን ንርከብ። በዚ ኣጋጣሚ ንኹሎም ቤትሰብ ብጾትናን ፈተውቶምን ጽንዓት ንምነ።

መሰረታት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ